ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ን 2017 ዓ/ም በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ሕትመት፡ ፅሬት ኣቕሑት፡ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣክሰሰሪ፡ ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑትን ህንፃ መሳርሕን ' ናይ መኪና ጎማ ስፔርን መጋየፅን ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት ብክልላዊ ግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንምዕዳግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 12, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 27, 2017 11:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 27, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቕሑት/ ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቕሑትን/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቕሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቕሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቕሑትን/

ቁፅሪ ዳ/ዕ/ን/ምም/ርን 114/2017 ዓ/ም

ዕለት- 12/02/2017 ዓ/ም

ናይ ግልፂ ጨረታ መፀዋዕታ ምልክታ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ን 2017 ዓ/ም በጀት ዓመት ግልጋሎት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ሕትመት፡ ፅሬት ኣቕሑት፡ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣክሰሰሪ፡ ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑትን ህንፃ መሳርሕን ' ናይ መኪና ጎማ ስፔርን መጋየፅን ኤሌክትሮኒክስ ኣቕሑት ብክልላዊ ግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ንምዕዳግ ስለዝደለየ ስዒቦም ዘለዉ ረቋሒታት እተማልኡ ክትወዳደሩ ይዕዉዕ::

1. በቲ ዘርፊ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎምን ናይ 2016/2017 በጀት ዓመት ዘድሊ ናይ ዝተሓደሰ መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ ክኮኑ ኣለዎም::

2. ተጫረቲ ናይ ዝወዳደሩሎም ዘርፊ ናይ 2016/2017 በጀት ዓመት ዝተሓደሰ መቅረባይነት ካርዲ ከቅርቡ ዝክእሉ ክኮኑ ኣለዎም::

3. ናይ ቫት ዊዝሆልድ መረዳእታ፣ ቲን ናምበርን ናይ ወርሒ መስከረም 2017 ዓ/ም ወርሓዊ ዲከላሬሽን ኣሐዲሶም ዝንበብን ግልፂ ዝኾነን ንሕድሕድ መረዳእታ ሓደ ሓደ ገፅ ከቅርቡ ኣለዎም::

4. ተጫረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝተገለፀ መክበሪ ጨረታ ብሲፒኦ ወይ ድማ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ቸክ ወይ ድማ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባነኪ ዉሕስና ወይ ድማ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይግባእ::

5. ተጫረቲ መጫረቲ ሰነዶም 200 ብር ብምክፋል ካብ ዕለት 12/02/2017-26/02/2017 ዓ/ም ሰዓት 11:30 ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ዳይሬክተር ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ምዉሳድ ይክእሉ እዮም::

6. ተጫረቲ አሸናፊነቶም ካብ ዝተገለፀሎም ድሕሪ ናይ ጥርዓን 3' ናይ ስራሕ ማዓልቲ ኣብ ዉሽጢ 3' ናይ ስራሕ ማዓልቲ 10% ናይ ጠቅላላ ዘሸነፍዎ ንብረት ዋጋ ብስም ቤት ዕዮና ብምትሓዝ ዉዕል ናይ ምእሳር ግዴታ ኣለዎም::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. ተጫረቲ ዘሸነፍዎ ንብረት ብዉዕሉ መሰረት ኣታዊ ክገብሩ ኣለዎም:: መቅረባይ ብዉዕሉ መሰረት ኣታዊ ካብ ዘይገበሮ ንብረት በብመዓልቱ 0.1% ወይ 1/1000% ቅፅዓት ይከፍል::

8. ተጫረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ብዝተቀመጠ ዝርዝር ወይ ድማ በዝሒ ካብ ሕድሕድ ዓይነት ቤት ዕዮ ብ 20% ምዉሳክ ወይ ምቅናስ ዝክእል ምኻኑ ክፈልጡ ይግባእ::

9. ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐለ መዓልቲ ዝቁፀር ካብ 12/02/2017- 26/02/2017 ዓ/ም ን 15 ተከታተልቲ መዓልቲታት ኮይኑ ጨረታ ዝዕፀወሉ ድማ ዕለት 27/02/2017 ዓ/ም ንጉሆ ሰዓት 3:30 ኮይኑ ጨረታ ዝክፈተሉ ድማ ዕለት 27/02/2017 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ኩሎም ተጫረቲ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ኮይኑ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ መዓልቲ ድማ ካብ ጨረታ ዝተከፈተሉ መዓልቲ ዝቁፀር 40 ተከታታሊ መዓልቲ ምኳኑ ክፈልጡ ይግባእ::

10. ተጫረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ሕቶ እንተሃልይዎም ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ብፅሑፍ ናብ ቤት ዕዮ ከቅርቡ ይክእሉ እዮም::

11. ቤት ዕዮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብክፋል ይኩን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

ንተወሳኪ ሓበሬታ ጥራሕ ዘገልግል ስልኪ 03-44-40-24-20 ብምድዋል ምሕታት ይክኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle